“ብዕለት 16. 02. 2004 ኣብ ንግደት ቊምስና ኪዳነ ምሕረት ፍራንክፈርት
ብኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ ዝተዋህበ ስበከተ - ወንጌል መሃሪ ኮይኑ ስለዝረኸብክዎ
እንሆ ብጽሑፍ ናብ ምእመናን ይዝርጋሕ”

እንጅነር ሃብተኣብ ተኪኤ

# <u>ሉቃስ ወንጌላዊ ዘዘንተዎ ቃል መምህርና ክርስቶስ</u> 1፡26-ፍጻሜ



ታሪኻዊ ዕለት ንኽንዝክር ጽቡቅ ባህላውን መንፈሳውን ልምዲ ከምዘሎንና ናብ ግምት ብምእታው ሎሚ ዕለት ብፍልይ ዝበለ ኣግባብ ናይ ወላዲተ ኣምላክን ኪዳን ናይ ምሕረትን ናይ ዝኾነት ማርያም ዕለት ዝኽሪ ብመንፈሳዊ መዳይ ኣዋዕዊዕና ንርከብ ኣሎና።

ንታሪኽ ክምዝዝንቶ ምግባሩን ተወሳኺ ሕያው ታሪኽ ምድራብን ናይ ሰብጥበብ ሜላ ብምኳኑ ሎሚ ኣብዚ ዘመንና ብፍላይ ኸዓ ብናይ ሎሚ ዝክረዕለት ደረጃና ዝግምገመሉ ከይኮነ ኣይተርፍን።

ንኪዳን ናይ ምሕረት ንዝኾነት ድንግል ማርያም ምዝካር ነቲ ኣብ ዘዘመኑ ተርእዮታት ዝተፈጸመሉ መንፈሳዊ ንግሥነት ደቂሰባት ኣጕሊሕካ ምርኣይ ማለት እዩ። እዚ ስለዝኾነ ኸዓ ሎሚ ኣብዛ ብርኽቲ ዕለትጉባኤና ማለት ናይ ኣስተንትኖ ናይ ንስሓ ናይ ምምሕሓር ናይ ጸጸት ናይ ተስፋ መንፈሳዊ ጉባኤና ነታ ኣብ ናይ ዘመና ንግሥነት (Kingdom) ቀዳምነቲ ናይ “ናይ እምነት” ኣርኣያ ንኽትከውን ንዝበቕዐትልና ክንውድስ ታሪኻዊ ባይታ ኣጠጢሕና ንርከብ ዘሎና።

ካብ ተረኽቲ ሓዲስ ኪዳን ዝኾኑ ወንጌላውያን ማርቆስን ሉቃስን ጽሑፎም እንተመርመርና ወንጌላዊ ማርቆስ ብሓቂ ማርያም ኣብቲ ናይ ዘመና ማኅበርሰብ ኣባልነት ዝነበራ ድያ ወይስ ዘይነበራ ዝብል ሕቶ ንኽንሓትት ይደፋፍኣና። እኳ’ ውን ድኣ “ኣባል ናይቶም ክኣምኑ ዘድልዮም ጕጅለ ናይ ክርስቶስ” ብምኳን ናብ ክርስቶስ ትኣምንዶ ነይራ ዝብል ሓተታ ንኽነቅርብ የለዓዕለና።

ነዚ ማርቆሳዊ ስምዒት ብወንጌላዊ ሉቃስ ክምለስ ክንርእዮ እንከሎና ግን ብዝለዓለ ስምዒትን ዝንባሌን ኣነጺርዎ ይርከብ። እዚ ኸዓ ኣብቲ መእተዊ ጽሑፉ ማርያም ብኣምላኽ ዝተመርጸትን ሰናይ ዝገበረላን ጥራሕ ዘይኮነትስ እዛ ሰበይቲ እዚኣ ከም ኣማኒትን ኣካፋሊት ዝገጠማ ተመኵሮኣን (ማለት ንኤልሳቤጥ) ንዝተባህለቶ ቃል ኣብ ልባ ዝዓቍረትን ካብ ትውግኦ ዝነበረት ሓዘን እምነታ ዘደልደለትን ካብቶም ማኅበረሰብ ናይ ክርስቶስ ኣባል ብምኳን ቅድምን ድሕሪ ትንሣኤን (Passover) ቀዳመይቲ ኣማኒት ናይ መንግሥተ እግዚኣብሔር ዝኾነትን እያ ዝብል’ዩ።

ናይ ኤልሳቤጥ ኣብ ግዝየ ሽምግልንኣ ምጽናሳ ንእግዚ ኣብሔር ዝሰኣኖ ነገር ከምዘየለ ምልክት’ዩ። እዚ ናይ ሓፍቲ እኖኣ ተረኽቦ ኸዓ ንማርያም ነቲ ትንቢታዊ (Messianic) ናይ እኖነት መጸዋዕትኣ ከምእተረጋገጸ ገይርዎ።

ምእንቱ’ዙይ ሉቃስ “በቲ ግዝየ እቲ ማርያም ንመገሻ ተበገሰት ቀልጢፋ ድማ ንዝባን ይሁዳ ናብ ሓንቲ ዓዲ ደየበት ናብ ቤት ዘካርያስ ኣትያ ኸዓ ንኤልሳቤጥ ሰላም በለታ ኤልሳቤጥ ቃል ሰላምታ ማርያም ምስ ሰምዐት እቲ ሕፃን ኣብ ከርሳ ተሰራሰረ” (1፡39) ይብል።

ማርያም ገዝኣ ገዲፋ ነዚ ምብጻሕ’ዚ ክትፍጽም ክትከይድ እንከላ ዮሴፍ ኣብቲ ጕዕዞኣ ክሰንያ ኣይተረኸበን! ምኽንያቱ ካብቲ ብዙሕ ሕገ ኣይሁድን ልምድን ሐደ ሕጹይ ንሕጽይቱ ኣብ ናይ ኣዝማድ ድዩ ወይስ ኣብ ካልእ ውራይ ከሰንያ ከምዘይክእል ዝብል ብሂል ምንባሩ’ዩ።

ማርያም እዚ ግዳማውን ሥጋውን ተጽዕኖ ከይከበዳ ንቃል ኣምላኽ ንምእንቲ ክትምልሽ መንፈሳዊ ቅሩብነታ ገሊጻ። ልክዕ’ዩ እዚ ቅሩብነት’ዚ ግዙፍ’ዩ ነይሩ። ብማዕረኡ’ውን ቅልጡፍ ዝኾነ ናይ ትብዓት ተርኡ ተጻዊቱ’ዩ። ግንከ እዚ ትብዓት’ዝን እዚ ቅሩብነት’ዝን ብሥጋዊ ሓፍቲ እኖኣ ንዝኾነት ክትሕግዝ ብዝሓደራ ስምዒትን ድላይን ኣይኮነን። ብትጽቢትን ብጭንቀትን ተለዓዒላ ብዛዕባ መጸዋዕትኣ ምልክት ንኽወሃባ ዝወሰደቶ ስጕምቲ’ውን ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ካብቲ ሕጎስ ናይ ጸዋዕትኣ ዝመንጨወ ካብቲ ኸሊልዋ ዝተረኸበ ተስፋን ምኺኑ’ዩ።

ማርያም ብሓጎስን ብተስፋን ብቅሩብነትን ነቲ ምልክታት ናይ ኣምላኽ ክትረክብ ከምዝኸደት’ዩ። በዚ ኸዓ ንሓዲስ ምልክታት እግዚኣብሔር ዝኸውን ሃዋሁው ኣጠጢሓትልና። እቲ ቀዳማይ ስጕምቲ ናይ ቅዱስ ወንጌል ኣብ ዓለም ምስጓሙ ብኣኣ’ዩ ተተሊሙ ንኽንብሎ እንጠራጠረሉ ነገር ኣይኮነን።

ቃል እግዚኣብሔር ስሩዕ ምንቅስቃሱ ካብ ሰማይ ንምድሪ ካብ ናዝሬት ንኢየሩሳሌም ካብ ኢየሩሳሌም ንይሁዳን ምድረ ሰማርያን ከምኡ’ውን ክሳብ ኣብ ኩሉ ኣጽናፍ ዓለም ምስ ኵሉ መዓንቀፊታቱ ብዝቀልጠፈ ክስጕም ተረኺቡ።

ኢድ ኣምላኽ ሒዙ ዝዘርእ እግሪ ኣምላኽ ተኺሉ ዝምርሽ ኣፍ ኣምላኽ ሒዙ ዝዛረብ ኣብ ሓዋርያዊ ሥርሑ ከምዘየጸግሞ እነሆ እዚ ታሪኻዊ ሕይወት ናይ ማርያም ኣርኣያ ዝኾነና’ዩ።

መማለዲትን ኪዳን ናይ ምሕረት ዝኾነት እኖና ድንግል ማርያም ምድራዊ ታሪኻ ተተንቲኑ ብናእዳ ክድምደመላ መዓልቲ መጸ መዓልቲ ሓለፈ እናበለት ከምእትጽበ ምድራዊት ንግሥቲ ኣይኮነትን። ንግሥነታን እኖነታን ብኢድን ብእግርን ብኣፍ ኣምላኽን ዝንቀሳቀስ ብምኺኑ ሎም’ውን እንተኾነ ነቲ ቅድሚ ክልተውሺሕ  ዓመት ዝተፈጸመ ሓዋርያዊ ኣርኣያ ኣብ ልቢ ነፍሰወከፍ ዝዘርኣልና ከምምኺኑ ንጹር ኣፍልጠን ዕለታዊ ተመኵሮን ክኾነልና ኣሎዎ።

ኣብ መንጕኣን ኣብ መንጎ ሓፍቲ እኖኣን ንዝተፈጸመ ሓዋርያዊ ግብረ ሰናይ ብዓይኒ ልቦና እንተርኤናዮ ፍቁር ወዳ ዝኾነ ኢየሱስ ኣብ ድሒሩ ዝመጸ ናይ ተልእኮ ዓመታቱ ንኣርድእቱ ንዝመሓላለፎ ትምህርቲ ሉቃስ ወንጌላዊ

*“ኣነ ኸም ኣባግዕ ናብ ማእከል ተኵሉ እሰደኩም ኣሎኹ
ሳንጣ ወይ ለቆታ ወይ ኣሳእን ኣይትማልኡ! ኣብ መገዲ
ኸዓ ንሓደ’ኳ ሰላም ኣይትበሉ ኣብ እትኣትውዎ ቤት
ቅድም ነዛ ቤት እዚኣ ሰላም ይኹን በሉ ኣብኡ ፈታው
ሰላም እንተ’ሎ ሰላምኩም ኣብኡ ኪኃድር እዩ
. . . . . መንግሥቲ ኣምላኽ ናባኻትኩም ከም ዝቀረበት
ፍለጡ” (10፡3-9) እናበለ ይትንትኖ።*

ማርያም ምስ ምሉእ ሥጋዊ ስእነት (ድኽነት) እንከለዋ ኣብ ገዛ ሓፍቲ እኖኣ ምስ በዘይ ሓደ ነገር ንኽትከይድ እሞ “ሰላምታኣ” ጥራሕ ንኽተመሓላልፍ ብዓይኒ ሥጋ እንክርእ ከቢድ’ዩ ነይሩ! እዩ’ውን። ዘሎኒ ርካበይ ናይ “ሰላምታ ቃል‘ዩ እሞ ነዚ ተቀበልለይ ክትብላ ምርካባ ንመንፈሳዊ ደረጃ ምብቃዕ’ዩ።

ሎሚ ዕለት እኖና ኪዳነ ምሕረት ኣብዚ ናይ “ሰላም”ህያብ ኣብ ናይ ምሃብ ደረጃ ንኽንህሉ ንነፍሰወከፍና ትዕድመና ኣላ። እቲ ንኤልሳቤጥ ዝተወፈየላ ሰላም እሞ ኸዓ ጓል ሰላም ከብላ ዘብቅዓ ንዓና’ውን ድሮ ለጊሳትልና ኣላ። ግን ክምዝተወሃበና’ምበር ክንሰርሓሉን ክንምልሸሉን ክምዝግበኣና ገና ስለዘይተገንዘብና እንሆ ሎሚ’ውን ከምመማለዲት ኮይነ መጺኤኩም ኣሎኹ ክትበለና ትርከብ ኣላ።

ማርያም ልቢ ነፍሰወከፍ ክትኰሕኰሕ እንተ ጀሚራ ከነማልኦ ዘድልየና ነገር ኣሎና ማለት’ዩ። ምልክት ምጽኣት መንግሥተ እግዚኣብሔር ከምዝቀረበ ዝግስጽ ሰዓት’ውን’ዩ።

ሓዋርያዊ ሥራሕ ኣብ ቤተክርስትያን ብፈለማ ብማርያም’ዩ ጀሚሩ። ንኢየሱስ ኣብ ማሕጸና ተሰኪማ በቲ ቀሊልን ሕጉስ ዝኾነ ህላዌነታን ትሑትን ፍቅራውን ዓሚቍን ሰላምታ ግብረ ተልእኮኣ ፈጺማ። እኖና ማርያም ቃል ኣምላኽ ተቀቢሎም ኣብ ግብሪ ኣውዒሎም ካብ ዝበሃሉ ፍጡራት ሓንቲ’ያ።

ልዕሊ ኵሉ ግን ንሳ እታ ቀዳመይቲ ናይ ሓዲስ ኪዳን ኣማኒት ምዃና’ዩ። በዚ መሠረት’ዚ ኸዓ ታሪኽ እምነት ኣብ ሓዲስ ኪዳን ብማርያም’ዩ ጀሚሩ ክበሃል ይከኣል።

*ስለዚ ክርስቶሳውያንን ፈተውቲ ማርያምን ዝኾንኹም ኩልኹም!*

ካብ እኖና ኪዳነ ምሕረት ዝመሓላለፈልና መልእኽቲ እንተሃልዩና ብሓጺሩ “ውሉደ ሰላም” ኮይንና ንኽንርከብ ጥራሕ’ዩ እሞ ንእምነትና ብጸሎት ንኣባይትና ብፍቅሪ ንሕይወትና ብትሕትና እንታቲ ይግበረልና ኣምላኽ። ኣሜን።

ኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ
16. 02. 2004
Frankfurt